ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ መቐለ ንቤት ፅሕፈት ደኣንት ግልጋሎት ከተማ መቐለ ግልጋሎት ዝውዕል ናይ ፅሬት ኣቕሑት ብፕሮፎርማ ኣወዳዲርና ዕድጊት ክንፍም ንደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ ሰነ 11, 2017 ( ቅድሚ 12 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሰነ 16, 2017 3:30 ቅ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሰነ 16, 2017 4:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/

ምልክታ ፕሮፎርማ

ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ መቐለ ንቤት ፅሕፈት ደኣንት ግልጋሎት ከተማ መቐለ ግልጋሎት ዝውዕል ናይ ፅሬት ኣቕሑት ብፕሮፎርማ ኣወዳዲርና ዕድጊት ክንፍም ንደሊ። ስለዚ ኣብዚ ፕሮፎርማ ክትወዳደሩ እትደልዩ በዚ ዘርፊ ዝተመዝገብኩም ተወዳደርቲ ካብዚ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ ረቓሒታት ብምምላእ ንኽትወዳደሩ ንዕድም።

ዝርዝር ተደለይቲ ረቓሒታት

1. ናይ 2017ዓ/ም ዝተሓደሰ ንግዲ ስራሕ ፍቃድ ፣ዝተሓደሰ መቅረባይነት ፣ ቲን ቁፅሪ ድማ ከተሓሕዝ ዝኽእል ።

2. እዚ ብምእካብ ፕሮፎርማ ካብ ዕለት 11/10/2017 ዓ/ም ክሳብ ዕለት 16/10/2017 ዓ/ም ዝፀንሕ ኮይኑ ዕለት 16/10/2017 ዓ/ም 03፡30 ተዓፅዩ ሰዓት 04፡00 ይኽፈት ።

3. ተወዳደርቲ ኣብ ዘቅርብዎ ሰነድ ጨረታ ናይ ተወዳዳራይ ስም ፣ ፌርማ ፣ ማህተምን ኣድራሻኦምን ብምዕራፍን ብዝተዓሸገ ፖስታ ከቅርቡ ኣለዎ ።

4. ሰዓራይ ትካል አሸናፊ ኮይኑ ካብ ዝተገለፀሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 03 መዓልቲ ናብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ መቐለ ንብረት ክፍሊት ኣታዊ ክገብር ኣለዎ ።

5. ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሓሉ እዋን እዚ ፕሮፎርማ ምስ ተኸፈተ ን7' ተኸታተልቲ መዓልቲታት ዝፀንሕ ይኸውን ።

6. እዚ ሰነድ ፕሮፎርማ ከም ውዕሊ ኮይኑ የገልግል ።

7. ኣብ ከይዲ ጨረታ/ፕሮፎርማ ንምዝባዕ ዝፍትኑ ተወዳደርቲ ካብ ጨረታ ወፃኢ ብምግባርን ንቐፃሊ ድማ ኣብ ዕደጋ መንግስቲ ንኸይሳተፉ ክሳብ ምእጋድ ዝበፅሕ ስጉምቲ ክወስድ ይኽእል እዩ ።

8. ተወዳደርቲ ዝበለፀ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብ ስራሕ ሰዓት ናብ ቤት ፅሕፈትና ብኣካል ብምምፃእ ምሕታት ይከኣል እዩ ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle